
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ኤልሳዕ፡ ናይ ተኣምራት ሰብ

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣




ነቲ ማሕረሻ ንዝስሕቡ እኩላት ኣብዑር ስለ ዘይነበሩ፡ ሓደ ተወሳኺ ብዕራይ የድሊ ነበረ፡ ኤልሳዕ ዝበሃል መንእሰይ ሓረስታይ ግን በዚ ማሕረሱ ደው ኣየበለን፡ ኣብ ክንዲ እቲ ሓደ ብዕራይ ባዕሉ ተጸሚዑ ይዓዩ ነበረ፡ ሓያልን በሊሕን ጻዕራምን ሰብ ነይሩ ኪኸውን ኣለዎ።





ኤልሳዕ ኣብ ማሕረስ ከሎ እቲ ነብዪ ኣምላኽ ዝነበረ ኤልያስ ጸውዖ። እቲ መንእሰይ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ንምኳን ማሕረሱ ሓደገ፡ ሓደ መዓልቲ ኣምላኽ ንኤልያስ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ወሰዶ። ኤልሳዕ ድማ ኣብ እስራኤል ነብይ ኣምላኽ ኮነ።

3



ኤልሳዕ ኤልያስ ስለ ዝተፈለዮ ጉህዩ እኳ እንተ ነበረ፡ ኣምላኽ ከም ናይ ኤልያስ ሓይሊ ኺህቦ ጸለየ። ኤልሳዕ ድማ ነቲ ናይ ኤልያስ ክዳኑ ኣልዒሉ ከምቲ ኤልያስ ዝገበሮ ነቲ ሩባ ወቕዖ። እቲ ማይ ድማ ኣብ ክልተ ተመቕለ!


ድሕርዚ ኤልሳዕ ኣምላኽ ምስኡ ኸም ዘሎ ፈለጠ ።

4



ኤልሳዕ ናብ ሓንቲ ቤት-ኤል እትብሃል ከተማ ኪኸይድ ከሎ ን ኣሽቱ ቆልዑ "ኣታ በራሕ ኪድ ውጻእ፡ እናበሉ ኣላገጹሉ፡ ኤልሳዕ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ምኳኑ ኣይተገደስሉን፡ ሓደ ዘሰንብድ ነገር ድማ ኣጋጠሞም፡ ክልተ ኣንስትዮ ድቢ ኻብቲ ጫካ ወጺአን ኣርብዓን ክልተን ቆልዑ ድማ ሰባበርኦም።


5



ሓደ መዓልቲ ኤልሳዕ ምስ ሓንቲ ዝተዓደየቶ ክትከፍል ዘይትኽእል መበለት ተራኸ፡ እቲ ገንዘብ ዘለቕሓ ድማ ነቶም ክልተ ደቃ ከም ባሮት ኪወስዶም እዩ ሓሲቡ ነይሩ፡ ኤልሳዕ ድማ "ኪዲ እሞ ካብ ኵሎን ጐረባብትኺ ባዶ ዕትሮ ተለቅሒ በላ፡ ኣምላኽ ነዛ ሰበይቲ ዜደንቕ ነገር ክገብረላ እዩ ።


6

እታ መበለት ኣብ ገዛ ንእሽቶ መቀርሰሚቶ ዘይቲ ጥራይ እዩ ነይርዋ፡ ካብታ ንእሽቶ መቀርሰሚቶ ዘይቲ ግና ንኩሉ እቲ ዕትሮታት ንምምላእ ዘከእል ዘይቲ ኣፍሰሰት፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ባስካ እንተ ዚህልው ነይሩ ኣምላኽ ምመልኦ’ዶ ይመስለካ፡ እታ መበለት ድማ ነቲ ዘይቲ ሸይጣ ደቃ ኣድሓነት።



7

ኤልሳዕ ኪሓልፍ ከሎ ኣብኡ ምእንቲ ክቕመጥ ፍሉይ ቤት እተዳልወሉ ሓንቲ ሰበይቲ ምስ ሰብኣይ ድማ ነበረት፡ እታ ቤት መደቀሲ ዓራት፡ ጣውላ፡ ወንበር፡ ከምኡ ውን ቀዋሚ ቀንዴል ውን ነበራ፡ እዛ ቤት ኩሉ ግዜ ንኤልሳእ እተፈለየት ኢያ ነይራ።




8

ኤልሳዕ ነቲ ሓልዮት እዛ ስድራ ብኸመይ ከም ዝመልሶ ኣተሓሳሰበ፡ ውሉዳት ከም ዘይብሎም ምስ ፈለጠ ድማ እታ ሰበይቲ ኸትኣምኖ ዘይትኽእል ነገር ተዛረበ፡ ንዓመታ ኣብዚ ግዜ እዚ ወዲ ክትሓቑፊ ኢኺ በላ፡ ርግጽ ኢዩ ድሕሪ ሓደ ዓመት እቲ ሕጻን ተወልደ ።




9

ድሕሪ ገለ ዓመታት እቲ ቈልዓ ምስ ኣቦኡ ኣብ መሮር ነበረ፡ እቲ ቆልዓ ድማ "ርእሰይ ርእሰይ" ኢሉ በኸየ፡ ነቲ ወዲ ናብ ኣዲኡ ምስ ኣምጽእዎ ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ብርኪ ኣዲኡ ድሕሪ ጸኒሑ ሞተ፡ ኣዲኡ ድማ ነቲ ቆልዓ ኣብ ዓራት ኤልሳእ ኣንበረቶ፡ መን ኪሕግዛ ዚኽእል ይመስለካ ?




10

ኤልሳዕ ዲኻ ዝበለኻ፡ ልክዕ እዩ! እታ ሰበይቲ ድማ ኣድጊ ጽዒና ብቕልጡፍ ን ኤልሳዕ ክትረኽቦ ወጸት ምስ ረኸበቶ ድማ ኤልሳእ ናብ ቤታ መጸ እሞ በይኑ ናብ ላዕለዋይ ደርቢ ደየበ፡ ናብ ጎይታ ድሕሪ ምጽላዩ ድማ ኣምላኽ ነቲ ወዲ ኣተንስኦ፡ ኤልሳዕ ድማ ነታ ሰበይቲ ጸዊዑ፡ እንሆ ወድኺ በላ። ክሳዕ ክንደይ ኰን ተሓጒሳ ትከውን?



11

ኣብታ ኣብ ጥቓ ሶርያ እትርከብ ምድሪ ንእማን ዝስሙ ኣዛዚ ሰራዊት ነበረ፡ ተባዕን ሓያልን እኳ እንተ ነበረ ለምጺ ዚብሃል ሕማቕ ሕማም ቈርበት ነበሮ ።




12

ሰበይቲ ንእማን ድማ ካብ እስራኤል እተማረኸት ንእሽቶ ባርያ ነበረታ፡ "ንእማን ምስቲ ኣብ እስራኤል ዘሎ ነብዩ እንተ ዚነብር ካብ ለምጹ ምሓወየ ነይሩ በለታ።




13

ንእማን ብኡንብኡ ነቲ ነብዩ ኺርእዮ ተበገሰ፡ ብሩርን ወርቅን ጽቡቕ ክዳውንትን ከኣ ከም ህያብ ወሰደ።




14




እቲ ኣገልጋሊ ኤልሳእ ከኣ ወጺኡ "ኪድ እሞ ኣብ ርባ ዮርዳኖስ ሸውዓተ ሳዕ ተሓጸብ እሞ ክትነጽህ ኢኻ በሎ፡ ንእማን ኣዝዩ ተቘጥዑ ኣብቲ ጽሩይን ሓድሽን ወሓይዝ ሃገሩ ሶርያ’ዶ ምሕጻብ’ዶ ኣይበልጸን፡ ስለዚ ንእማን በዚ ተቆጢዑ ናብ ቤቱ ተመልሰ።

15



እቲ ዜሐጉስ ግና እቲ ኣገልጋሊ ንእማን ትእዛዝ ኤልሳዕ ክእዘዝ ከም ዘለዎ ነገሮ፡ በዚ ድማ ንእማን ከይዱ ኣብ ዮርዳኖስ ሸውዓተ ግዜ ተሓጽበ፡ ንእማን እቲ ለምጻም ድማ ሓወየ! ድሕሪኡ ንእማን ነቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ማለት ነቲ ኻብ ለምጺ ዘሕወዮ ኣምላኽ ኤልሳዕ ኣምለኾ ።

16



ኣምላኽ በቲ ባሪኡ ዝነበረ ኤልሳዕ ድሕሪ ሞተ እውን ከይተረፈ ተጠቂሙሉ ኢዩ፡ ሓደ መዓልቲ ሓደ ሬሳ ኣብቲ ኤልሳዕ ተቐቢሩሉ ዝነበረ በዓቲ ተቐብረ፡ እቲ ሬሳ ድማ ንኣዕጽምቲ እቲ ነብዪ ምስ ተንከዮ ህያው ኮይኑ ተንሲኡ ብእጋሩ ድማ ቆመ፡ ብሓቂ ድማ ኣምላኽ በቲ እሙን ኣገልጋሊኡ ዝነበረ ኤልሳዕ ነቲ ዓብዪ ሓይሉ ኣርእዩ እዩ።

17


ኤልሳዕ፡ ናይ ተኣምራት ሰብ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

2 ነገስት 2-13

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፡130

18




25 60

19

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እም ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16

20